## ብልሽውና ከይሳዕረረ።

ብልሽውና ከይሳዕረረ ክቡንቆስ ካብ ሱሩ፡
እግሪ እንተ ተኺሉ ከይነውሕ ዕምሩ፡
ተራ ኩሉ ዜጋ'ዩ ክምክቶ ኣትሪሩ።

ሃገር ከይትርመስ  ከይብደል ህዝቢ፡
ኣቕልቦ ይግበረሉ ንኡስ ይኹን ዓቢ፡
ፍረኡ ከይሃስስ ናይ ቃልስና ዓስቢ።

ቁልዒ ዘጥፍኣ እንተዘይረኺባ ትኸውን ጓህሪ፡
ትቕየር ናብ ሃልሃልታ ንብረት መሕረሪ፡
ብልሽውና ኮምኡ'ዩ ሓፋሽ መባህረሪ።

ጉቦ ወሃብን ተቐባልን ሓደ ገበኖም፡
ነየናይ ገዲፍካ ክትኣስር ነየኖም፡
ሕጊ ሓንቲ'ያ ማዕረ ማዕረ ንኹሎም።

እናፈለጡ ዘስቀጡ'ውን ከምኦም ገበነኛ፡
ፍርዶም ሓደ'ዩ ዝወሃብ ብዳዳኛ፡
ቅንዕና ንሓዝ ኣይንኹን ዓመጸኛ።

ኣሕሊፈ ኣይህብን ሓወይ ወዲ ሓወቦ፡
ንዓይ ይስለጠኒ ሂበ ጉቦ፡
ኣፈይ ዘይሕዝ ከላእ ትዛረቦ።

ትሒምሒም ፍታሕ ነይኮነ ንብልሽውና፡
መን ይዓግተና ክንገልጽ ሓሳብና፡
ገበን ምኽኑ ንፍለጥ ምሕባእ ትዕዝብትና።

ንርኤ ሃገራት ብብልሽውና ዝተጫማለቓ፡
መርገም ድዩ ኮይኑወን ወይ ምርቓ :
ህዝበን ሲኑ ዝካላኸል ጠበቓ፡

ንሕና ኤርትራውያን ኲናት ዘይፈራህና፡
ሓቂ ንምዝራብ እንታይ ይእግመና፡
ምእንታኣ እንዲና ብሉጻት ከፊልና።

ዕሽሽ ኣይንበል ካብ ምግባር ጉቡእና፡
ጽባሕ ጣዕሳ ርእስና ከየሕክኽና፡
መንገዲ ኣይንኽፈት ንተበለጽቲ ዜጋታትና።

ኩሉ ኤርትራዊ ኣለዎ ሓላፍነት፡
ኣብ ሕጊ ከቕርብ ንዝፍጹሙ ጥልመት፡
ኣስቂጥካ ምሕላፍ ኣይኮነንን ምኽኑይነት።

ንመኪት ጸረ ብልሽውና ፡
ኣብ ጎኒ መንግስትና ደው ኢልና፡
ሃገርና ክትከውን ማዕረ ንኹልና።

ሰማእታትና መታን ክቕስኑ፡
ሕድሮም ነተግብሮ ኣብ እዋኑ፡
ሽለል ኢልካ ምሕላፍ ከቢድ'ዩ ገበኑ።

ራህውን ቅሳነትን ንህዝብና።
ቀይዲ ንብልሽውና ኣሳዕረርቲ።
ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና።
ዓወት ንሓፋሽ።

ገብርንጉስ መስመር።
ሓምለ, 07,2016.